# ኤርትራ፡ ካብ ግዳይ
# ናብ ቀላሲት ጂኦፖለቲካ ቀርኒ ኣፍሪቃ




**“ፍትሒ፡ ልምዓትን ጂኦፖለቲካ ቀርኒ ኣፍሪቃን፤ ኣብ**

**ትሕቲ ዝብል ቴማ ኣብ ዝተዳለወ መደብ ምብህሃል ዝቐረበ ወረቐት**

4 — 6 **መስከረም** 2024 **ኣስመራ፡ ኤርትራ**

## ሚኒስትሪ ፍትሒ

**መእተዊ** ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ብጂኦፖለቲካዊ ስልቲ ገዛእቲ ሓይልታት ኣብ መበል 19 ዘመን ዝተፈጥራ ሃገራት እየን። ነዚ ዘሕዝን ታሪኽ'ዚ ምቕባሉ ኣዝዩ ኣጸጋሚ እኳ እንተኾነ፡ እቲ ሓቂ ግና ንሱ ስለ ዝኾነ ካብ ምቕባሉ ወጻኢ ካልእ ኣማራጺ የብልናን። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኰይኑ፡ ህዝብታት ናይዚ ከባቢ ብሰንኪ ጕድለት መራሕቶምን ቅንዕና ዝጎደሎም ተመራመርቲ ታሪኽ ኢና በሃልቲ ዝመሃዝዎም ምስ ሓቀኛ ዘይራኸቡ ጽውጽዋያትን፡ ከቢድ ዋጋ ከፊሎ እዩ። ንኸባቢና ሓሊኹም ካብ ዝሓዙ ተደጋገምቲ ተርእዮታት ኲናት፡ ድኽነትን ድሕረትን ምሉእ ብምሉእ ሓራ ንኽንወጽእ ክብ ኢሉ ንዝተገለጸ ሓቀኛ ሓቅነት ታሪኽ ብድፍረት ምቕባሉን ብትብዓት ምግጣሙን ከድልየና እዩ። ከምዚ ምስ እንገብር ጥራይ ድማ'ዩ ንታሪኽና ኣብ ረብሓና ኣውዒልና ሓባራዊ ብሩህ መጻኢ ክንሃንጽ እንኽእል።

መግዛእቲ ኢጣልያ ነታ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ እትርከብ ሃገር ኤርትራ ዝብል ስም ሂቦም ከም ግዝኣቶም ክሕዝዋ ከለዉ ደቀባት ናይዚ ከባቢ ፍቓዶም ኣይተሓተቱን፣ ታሪኾም፡ እንተ ንጽቡቕ እንተ ንሕማቕ፡ ሓድሽ ኣንፈት ይሕዝ ምንባሩውን ኣስተውዒሎሞ ነይሮም ክበሃል ኣይከኣልን። መግዛእቲ ኢጣልያ ንደቀባት ናይዚ ኸባቢ ብግዲ ከም ዝዕስክሩ ብምግባር ኣብ

ዘይምልከቶም ኲናት ከዋግእዋም ምስ ጀመሩ፡ ሓባራዊ ምረት ዝመሰረቱ ኤርትራዊ መንነት ክውለድ ጀሚሩ። ኣብ ምህናጽ ጽርግያታት፡ መስመራት ባቡር፡ መንግስታዊ ህንጻታት፡ ኣብያተ-ክርስትያንን ሓወልትታትን ዝነበረ ክቱር ጭቆና ደቀባት ዘንቀሎ ሓባራዊ ምረትውን ሓድሽ ስምዒት ሓድነት ፈጢሩ።

ንደቀባት ናይዚ ከባቢ ካብቲ ዝነብሩሉ ቦታታት ኣልዒልካ ንየኦም ኣብ ዘይበቅዕ ቦታ ብምስፋርን ከም ኣገልገልቲ ገዛ፡ ሸቃሎ ፋብሪካታትን ዝተሓተ ናይ ጽሕፈት ስራሕ ከም ዝዓዩ ምግባር ዝፈጠሮ ብድሆውን ንኤርትራውነት ወሊዱ፡ ደሞምን ረሃጾምን ኸኣ ንኤርትራ ፈጢሩ። ጥልያን ኣብ ካልኣይ ኲናት ዓለም ተሳዒሮም ካብ ኤርትራ ምስ ወጹ፡ ኤርትራውያን ብየዋህነት፡ ዋናታት መጻኢኦምን ሃገሮምን ዝኾኑ መሲልዎም ነበረ። እዚ ግና ኣይኮነን። ናይ ዝሑል ኲናት ጂኦፖለቲካ ምትህልላኽ ዓበይቲ ሃገራት፡ ንህዝቢ ኤርትራ፡ ኣዝዩ መሪር ግና ኣገዳሲ ትምህርቲ ኣስኒቑ። ንሱ ድማ ናጽነትካ ፈትዩ ዝህበካ የልቦን፡ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ሓይሊውን ከይተረፈ ተጠቒምካ ንናጽነትካ ባዕልኻ ጥራይ ኢኻ ክትጭብጦ እትኽእል። ክንዲ ዝኾነ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ምስቶም ኣዝዩ ነዊሕ ግዜ ዝወሰዱ ቃልስታት ዓለም ዝስራዕ ሰውራ ጀሚሩ። ሕመረት ሰውራ ኤርትራ ኣንጻር ጸላኢ ገጢምካ ናጽነት ምጭባጥ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣንጻር'ቲ ጕድለት ንቕሓት ዝጠንቀኦ ድሑር ኣተሓሳስባታትውን ዝቐንዐ ነበረ። በዚ ምኽንያት፡ ሰውራ ኤርትራ፡ ናጽነት መላእ ሃገር ኣብ ምጭባጥ ጥራይ ከይተሓጽረ ብመሪር መስዋእቲ ብዝተኾልዐ ብጻይነት ኣቢሉ ጥሙር ኤርትራዊ ሃገራውነት ከደልድልውን ክኢሉ።

ሰውራ ኤርትራ ሓደ ካብቶም ደማዊ ቃልስታት ናይ ከባቢና ኰይኑ፡ ኣሕዋት ንዝኾኑ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣለውና ብዝብልዎም ጸጋታት ሰፍ ዘይብል ዋጋ ዘኽፈለን ኵሉ መዳያዊ ዕድላቶም ዝቔጸየን እዩ። ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ተዓዊቱ፡ ናጽነት መላእ ሃገር ምስ ተረጋገጸ፡ ካብ ሕሉፍ ታሪኽ ተበጊስካ ህዝቢ ናይዚ ከባቢና ክርህዎ'ዩ ዝብል ተስፋታት ነይሩ። ይኹን እምበር፡ ብሰንኪ እቶም ድሑር ኣተሓሳስባታትን ግጉይ ንባብ ታሪኽን ዘለዎም ወገናት፡ ልክዕ ከምቶም ኣብ ታሪኽ ተመሳሳሊ ጕድለት ዝፈጸሙ ኣያታቶም፡ ንገዛእ ርእሶም ከም ዓቢ ሓይሊ ብምውሳድ ህዝቢ እዚ ከባቢ ነቲ ተስፋ ዝገበረሉ ብሓባራዊ ጸዓት

ዝተረጋገጸ ሰላም፡ ፍትሕን ልምዓትን ከም ዘየስተማቕር ገበርዎ። ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ድሒሩ ዝተወልዐ ኲናትውን ዝያዳ ደማውን ኣዕናውን ነበረ። ይኹን እምበር፡ ንኣጠማምታ ሃገራት ኣብ ምውሓስ ድሕነተንን መደባት ልምዓተንን ከም ነጥበ-መቐይሮ ይውሰድ። ሃገራት፡ ውሽጣዊ ብድሆታተን ብውሽጣዊ ኣገባባት ከም ዝፍታሕን፡ ልምዓትን ዕብየትን ድማ ንሰላም፡ ፍትሕን ዕብየትን ኣብ ምውሓስ ብዝግበር ሓባራዊ ጻዕሪ ጥራይ ይረጋገጽ ዝብል ንቕሓት ተፈጢሩ።